# ዓይኒ ቀናእ
# ብዕሮት ጋህሚ ገብትርዮ !

ኣንፈት ኣልቦ ከይደ ትዓዚረ
ቤትኪ መሊኣሞ ጁጅ-ማጁጅ
ቦታ ደልየ ዘንጽለሎ ማሕንቆ
ረኺበ ፡ ሰቢተ ድማ ኣንጺለዮም ፡

ተጓናጻፊ ንጉዕ ናጽነት
እወ ! ኣረጋጊጸ ትርኑዕ ሓርነት ፡

ዋርሳይ ተረኪቡ ኲይኑ ኣብነት
ኣቢልዋ ንዓለም ጢቑ-ጢቑ !

መሬት ኣልሚዑ ሰዊዱ
መንገዲ ኣቕኒዑ ኣብ ኣድባዋቱ ዓሪዱ
ብሊቕነት ተርኒዑ ሞንጒዱ
ብቑርዑይ ርሑብ-ወንዛዊን ራኢኡ ንዓለም ኣርዒዱ ፡

ኣብቂዑወን ከተማ ምስ ገጠር ርትዒ ከኻፍያ
ትኩስ ባኒ በሊዕን ይምርሻ ኣለዋ ይጎያ
ረጊኡ መንእሰይ ይብል ኣሎ ንፍልጠት መን ክኣብያ ፡

ሕጂ ግን ሰጊአ ብደግሲ ሕማም ደሓር
ምዕቀብ ተነብዩ ብነድኢ ኣሜሪካ ዝሽሓር ፡

ኣመና ኮይንኪ ተብሃጊት ቊመንኣ
ዘንዶ ኢኺ ኣየ ዝበለት ቊንጅንኣ ፡

ሲገአ ከይትንክእኒ ብበሰር ከም መርዓት ዓይኒ
ንስኺ ሕሉብይ ንጹፈይ ብዘይካኺ መን ኣሎኒ ፡

ኲንክኒ ተዓያኒት ምልምል ክሳድ ብርጭቆ
ብክልተ መትረብ እተለጠፈት ዲኖ ጥቢቆ
ድንግል ዝመሬታ ሃብቲ ዝተጠርነቆ ፡

እዚ'ዩ ድማ እቲ ተብሃግነትኪ
መን ኣሎ ንኣኺ ዘይበሃግ ክሽውን ዋናኺ ፡

ሓደራ ብጉልባሽ ዓይንኺ ስተርዮ
ደቂ ርስቲ ከለና ንመን ክትህብዮ
ዓይኒ ቀናእ ብዕሮት-ጋህሚ ገብትርዮ ፡
ንስኺ'ወ ኤርትራ ብህይወት ሽደናት እተዋሕሰት ።

ዘካርያስ ተስፋጽዮን ፡ ከተማ ማንሃይም ጀርመን ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ዓይኒ ቀናእ ብዕሮት-ጋህሚ ገብትርዮ ! ብዘካርያስ ተስፋጽዮን ከተማ ማንሃይም
ብመኽንያት መበል 19 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ዝተደርሰት ግጥሚ ፡